ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን
ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ

Eritrean Tewahdo Orthodox Church
Diocese of North America

# ዘይሕጋዊ ሽመትን ቅብኣትን ፓትርያርክነት ኣባ ዲዮስቆሮስ።

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ትማሊ ኣኼባ ኣካይዱ። እዚ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ተዋሕዶ ወሪዱ ዘሎ ዘይሕጋውን ረሲዕነት ዝዓብለሎ ተግባራት እናሕዘኖ ነዚ ዝስዕብ ወሳኔ ኣመሓላሊፉ ኣሎ።

1. ኣባ ዲዮስቆሮስ ኣብ ልዕሊኦም ዘሎ ረዚን ውግዘት ከይተላዕለ ንገዛእ ርእሶም ክሽየሙ ኮነ ንኻልኦት ክሽሙ ሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ስለ ዝኽልክል ሥልጣን ፓትርያርክ ዘይብሎም፡ ብሥልጣን ሥላሴ ዝተወገዙ፡ ክኣስሩ ይኹን ክፈትሑ፡ ክሽሙ ይኹን ክቕንጥጡ መንፈሳዊ ሥልጣን የብሎምን።
2. ኣባ ዲዮስቆሮስ ብሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን "ፓትርያርክ ብሕይወት እንከሎ ካልእ ፓትርያርክ ኣይሽየምን" ዚብል ሕጊ (ፍትሕ መንፈሳዊ ኣንቀጽ 4 ቁጽሪ 70-71) ጥሒሶም ስለ ዝተሾሙ መንፈሳዊ መዓርጎም ተቐባልነት የብሉን።
3. ንልዕሊ ሽሕን ሾውዓተ ሚእትን (1700) ዓመታት ዝጸንሐ ሕጋዊ ቀኖናን መዓርግን ቅድስት ኦርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኣፍሪሶም ዘይሕጋዊ ሓድሽ ሥርዓት ሃይማኖት ብምፍጣሮም ንነጽጎም።
4. **ኣብ ሥልጣን ቅዱስ መንበር ተቐሚጦም ዘለዉ ኣባ ዲዮስቆሮስ** ሕጊ ሃይማኖት ዝሰዓሩ ብምኳኖም ስሞም ኣብ ቤተ ክርስትያን  ከይጥቀስ: ኩሉ ኣማኒ ኣብ ሃይማኖቱ ጸኒዑ ጥንታዊትን ሓዋርያዊትን ቤተ ክርስቲያኑ ክሕሉ፡ ተሳታፊን ተኻፋሊ እዚ ውግዘት ከይከውን ንምሕጸን።
5. ዘይሕጋዊ ሓድሽ ሥርዓት ሃይማኖት ተኸቲሎም ዝኸዱ ዘለዉ ሰባት ኩሎም ካብቲ ዘንቢሎሞ ዘለዉ መንገዲ ክምለሱን ምስ መፍረስቲ ሕጊ ሕብረት ከይገብሩን ንጽውዕ። ኩሉ ምእመን እዚ ሓቂ እዚ ክፈልጦን እቲ ኣብ ርእሲኦም ተነቢሩ ዘሎ ከቢድ ሓዋርያዊ ውግዘት ክሳብ ዚለዓል፡ ናይ ቅድስና መዓርግ ፓትርያርክ ከም ዘይብሎምን ደጊምና ንሕበር።

እግዚኣብሔር ዕድመን ጥዕናን ንቅዱስ ፓትርያርክ እንጦንዮስ ይሃቦም።
እግዚኣብሔር ሰላሙን ረድኤቱን ንሃገርና ይሃብ።

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን
ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ።
30 ግንቦት 2007 (22 ግንቦት 1999 ግእዝ )